# እታ ደቃቕ ዘርኢ፡ ዛንታ ዋንጋሪ ማታይ

Nicola Rijsdijk
Maya Marshak
Daniel Berhane Habte
3
ትግርኛ ti

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣብ ዝባን ናይ እምባ ኬንያ ኣብ እትርከብ ሓንቲ ዓዲ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ጓል ምስ ኣዲኣ ኣብቲ ግራውቲ ትሰርሕ ነበረት። ስማ ዋንጋሪ ትበሃል።

ዋንጋሪ ኣብ ግዳም ምኳን ትፈቱ ነበረት። ኣብ ናይ ስድራኣ ስፍራ ኣታኽልቲ፡ ብጐዘሞ ጌራ ነቲ ድንኩል ትሰባብሮ። ንኣሽቱ ኣዝርእቲ ናብቲ ምዉቕ መሬት ጠዊቓ ተእትው።

ጸሓይ ዕራርብቦ እቲ ኣዝያ እትፈትዎ ክፍለግዜ ናይ መዓልቲ እዩ። መሬት ጸልሚቱ ኣትክልቲ ምርኣይ ክኣብይዋ ከለዉ፡ ዋንጋሪ ንቤታ ትኸደሉ እዋን ከምዝኣኸለ ክተስተብህል ከኣለት። ክትከይድ ከላ፡ ሩባ ተሳጊራ ነቲ ብማእከል ግራት ዝስንጥቕ ቀጢን መንገዲ ትኽተል።

ዋንጋሪ በላሕ ቆልዓ እያ ዝነበረት ትምህርቲ ክትጅምር ድማ ሃረር ትብል ነበረት። ኣዲኣን ኣቦኣን ግና ክትጸንሕ'ሞ ኣብ ቤት ክትሕግዞም ደለዩዋ። ዕድሚኣ ሸውዓተ ዓመት ምስኣኸለ፡ ዓቢ ሓዋ ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰዱዋ ንወለዳ ኣእመነኖም።

ዋንጋሪ ትምህርቲ ትፈቱ ነበረት! ካብ ነፍሲ-ወከፍ ዘንበበቶ መጽሓፍ ብዙሕ ተማህረት። ኣብ ትምህርታ ኣዝያ ብልጽቲ ብምዃን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንኽትመሃር ዕድል ረኸበት። ዋንጋሪ ኣዝያ ተሓጒሰት! ብዛዕባ ዓለም ዝያዳ ክትፈልጥ ተሃንጠየት።

ኣብቲ ናይ ኣሜሪካ ዩኒቨርሲቲ ዋንጋሪ ብዙሕ ሓድሽ ነገራት ተማህረት። ብዛዕባ ኣትክልትን ከመይ ከምዝበቑሉን ኣጽንዐት። ኣብቲ ማራኺ ጫካታት ናይ ኬንያ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ኣእዋም ምስ ኣሕዋታ እናተጻወተት፡ ንባዕላ ከመይ ከምዝዓበየት’ውን ዘከረት።

ዝያዳ ብዝተማህረት፡ ንህዝቢ ኬንያ ከምትፈትዎም ዝያዳ ተገንዘበት። ሕጉሳትን ናጻን ክኾኑ ደለየት። ዝያዳ ብዝተማህረት፡ ነቲ ናይ ኣፍሪቃ ቤታ ዝያዳ ዘከረት።

ትምህርታ ምስወድአት፡ ናብ ኬንያ ተመልሰት። ሃገራ ግን ተቖዪራ ጸንሓታ። ዓበይቲ ሕርሻታት ኣብቲ ሃገር ኣስፋሕፍሑ። ኣዴታት ንመብሰሊ መግቢ ዝኸውን ዕንጨይቲ ሰኣና። ህዝቢ ደኺዩ ቆልዑ ድማ ጠመዩ።

ዋንጋሪ እንታይ ክትገብር ከምዘለዋ ተገንዘበት። ነተን ኣዴታት ካብ ዘርኢ ከመይ ጌርካ ገረብ ከምእተብቍል መሃረተን። እተን ኣዴታት ነቲ ኣግራብ ሸጥኦ ነቲ ዝረኸቦኦ ኣታዊ ድማ ንመእለዪ ስድራቤተን ኣውዓልኦ። እተን ኣዴታት ኣዝየን ተሓጐሳ። ዋንጋሪ ፍናንን ጽንዓትን ክስምዐን ሓጊዛተን እያ።

ግዜ ብዝሓለፈ፡ እቲ ሓደስቲ ኣግራብ ጫካ ኾነ፡ እቶም ኣፍላግ ድማ ከም ቀደሞም ክዛርዩ ጀመሩ። ናይ ዋንጋሪ ኣስተምህሮ ካብ ጻትንጻት ኣፍሪቃ ተዘርግሐ። ሎሚ፡ ካብ ናይ ዋንጋሪ ዘራእቲ ሚልዮናት ኣግራብ በቝሉ ይርከብ።

ዋንጋሪ ጽዒራ እያ። ዓለም ብዓለሙ ኣቕለበላ፡ ኣዝዩ ግኑን ሽልማት ድማ ኣበርከተላ። እቲ ሽልማት ናይ ሰላም ሽልማት ኖበል እዩ ዝበሃል፡ ንሳ ድማ ነዚ ሽልማት ዝበቕዐት ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊት ጓል ኣንስተይቲ ኮነት።

ዋንጋሪ ኣብ 2011 እኳ ብሞት እንተተፈለየትና፡ ጽቡቕ ኦም ኣብንርእየሉ ኵሉ ግዜ ግና ኣብ ኣእምሮና ትቕጀለና።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## እታ ደቃቕ ዘርኢ፡ ዛንታ ዋንጋሪ ማታይ

Nicola Rijsdijk
Maya Marshak
Daniel Berhane Habte

CC BY